ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية للوحدة الإريترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

**ብምኽንያት መበል 25 ዓመት ዝኽሪ ነጻነት ኤርትራ፣**

**ብደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደ.ግ.ሓኤ/፡**

**ዝወጸ ውድባዊ መግለጺ፣**

ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ ንሃገራዊ ነጻነቶም፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን ሓርነቶምን ንምርግጋጽ ክብሉ፡ ኣንጻር ዝተፈላለዩ ተበራረይቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ንነዊሕ ዘመናት ኩሉ መዳያዊ መስዋእቲ ዋጋ ሓርነት ከፊሎም ኣብ ወርሒ ግንቦት 1991 ሃገራዊ ንጻነቶም ብምጭባጥ፡ ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ልዑላውነቶም ኣፍልጦን ተቐባልነትን ክረኽቡ ዝኸኣሉ ተቓለስቲ ህዝብታት እዮም።

ይኹን ዳኣምበር እዚ ብክቡር ዋጋ ናይ ቃልሲ ዝተረጋገጸት ሃገራዊ ነጻነታዊ ልዑላውነት እዚኣ፡ ብሰንኪ ጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስን ዝኾነ መሪሕነት ውዱብ ህ.ግሓ.ኤ /ህ.ግ.ደ.ፍ/ ናብ ዝተማለኤ ህዝባዊ ልዑላውነት /ሓርነት/ ክይትሰጋገር  ስለ ዝተቆጽየት፡ ህዝብታት ኤርትራ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምጭባጥ፡ ቀጠባዊ ረብሓን ዕቤትን ምርግጋጽን፡ ባህላዊ ነጻነትን ፍትሕን ምርካብን ዝነበሮም ልዑል ባህጊ መሊኡ መኺኑ፡ ናብ ሓድሽ ዘቤታዊ ሕሱም መግዛእቲ ተሳጢሖም ኣልቦ ነጻነትን ሓርነታትን ኮይኖም ን25 ዓመታት ዝኣክል ከም ህዝብታት ናብ ኩነተ-ጊላነት ተሳጥሖም ኣብ ምስቓይ ጸኒሖምን ይሳቐዩ ኣለዉን።

ስለ ዝኾነ ድማ እዛ ናይ ህዝብታትና ውጽኢት መሪር ቃልሲ ዝኾነት ሃገራዊ ነጻነትና ዝኽሪ መበል 25 ዓመት እነኽብራ ዘለና፡ በዚ ብኩሉ-መዳዩ ዝነደየ ኣዕናዊ ሰርዓት ህግደፍ፡ ህዝብታትና ንህልዊ ኩሉ መዳያዊ ጸገሞምን ወጽዐኦምን ንከይርእዩን መፍትሒ ንከየናድዩን ዝገብር፡ ብናይ ሕሉፍ ናይ ቃልሲ ተሞክሮ ዝኽርታት ዝቕይድ ናይ ፕሮፖጋንዳዊ ዳንኬራ ተዓብሊኾም፡ ግህሰት ኩሉ-መዳዊ መሰል ኣብ ዝነገሰሉ፡ ብኩራት ፍትሕን ርትዕን ኣብ ዝበረኸሉ፣ ስእነትን ድኽነትን ኣብ ዝዓሞቐሉ፡ ማዕበል ዋሕዚ ስደት ኣብ ዝነሃረሉን ሳዕቤናቱ ኣብ ዘይተገትኣሉን፡ ህዝብታትና ናይ ውድቐትን ምብትታንን ሓደጋ እናንጸላለዎም ናይ መጻኢ ኣንፈቶም ኣብ ዘሰክፍ፡ ፈታኒ ውቕቲ እናነበሩ ኢና መዓልቲ ነጻነትና እንጸንብላ ዘለና።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ እቲ ብሰንኪ ድኽመታትን ዘይውህደትን ናይ ደምበ ተቓውሞና ብሓፈሻ እናተበለጸ፡ ናይ ምንባር /ምቕናይ/ ዕድል ዝረኸበ ኣዕናዊ መንግስቲ ጉጅለ ህግደፍ፡ ኣብ ናይ ድሕረትን ውድቀትን ታኼላ ተሸሚሙ፡ ናይ ሕሉፍ ታሪኽ ዝኣረገ ፖለቲካዊ መዝሙር እናዘመረ፡ ህዝብን ሃገርን ለኪሙ ንምውዳቕ፡  ኣብ ሃገርና ስርዓት ኣልቦነት፡ ፍንዉነትን ዘይምትእምማንን ሃዋህው ብምስፋን ብሓደ ገጽ ፣በቲ ካልእ ድማ፡ ሃገራውን ህዝባውን ልዑላውነትና ብምርኻስ፡ ምስ ናይ ቀረባን ርሑቕን ዓሰብቱ ብምውጋይ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ብምእታው፡ ዋጋ ዓስቡ መጠነ ብዙሕ ገንዘብ እናማእረረ ንሃገርናን ህዝብታትናን ናብ ብቀሊሉ ዘይረኤን ዘይውገንን ሰለሎ ኣእትዩሎም ናብ ዘይትረፍ ውድቀቱ ይምርሽ ብምህላዉ፡ ዝኽሪ መዓልቲ ነጻነትና ብኣዝዩ ከቢድን ተሃዋስን ኩነታትን ኣንፈትን ተኸቢብና ኢና እንዝክራ ዘለና።

ካብ ኣጋጢሙና ዘሎ ኩሉ-መዳያዊ ሕሰማት፡ ወጽዓታትን ጸገማትን ንምንጋፍ ክንብል እነካይዶ ዘለና ኣዝዩ መሪር ቃልሲ፡ ኩነታት ደምበ ተቓውሞና፡ ውህደት፡ ምትእምማንን ምድግጋፍን ስለ ዝጐደሎ፡ ካብ ናይ ትምክሕትን ጽበትን ድሑራትን ሓለኽትን ኣተሓሳስባታትን ስነ-ምግባርን መሊኡ ክናገፍ ስለ ዘይካኣለ፣ ሕድሕድ ምንጽጻግን ዘይጭበጥ ፖለቲካዊ ስልጣን ምንዳይ ሃልኪ ስለዝዝውተርን፡ ሓባራዊ ጸላኢ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ምውጋድ፡ ብምውህሃድንምድግጋፍን ምቅላስ ዘይምብቃዕ ህሉዋት ስለ ዝኾኑ፡ ተቓዋማይ ሓይልና ናይ ቃልሲ ኣድማዕነቱ ውሱንነት ክህልዎ ኣብ ምድራኽ ርኡይ ኣሉታዊ ተራ ይጻወቱ ብምህላዎም፣ሓይልታት ደምበ ደለይቲ ለውጢ ብሓፈሻ፡ ናይ ቃልሲ ኣበርክተኦም፡ ዘይከምቲ ካብኣቶም ትጽቢት ዝግበረሉ ስለ ዘይኮነ ዘሎ፡ ነዚ ኣብ ህዝብታትናን ሃገርናን ኣንጻላልዩ ዘሎ ናይ ውድቀትን ምብትታንን ደበና ኣብ ምቕንጣጥ ብቑዕን ቅሩብን ኮይኑ ዘይምህላዉ፡ ንጸላኢና መፍቶ/ፍስሃ፡ ንተቓለስቲ

*ህዝብታትናን ፈተውቶምን ደገፍቲ ፍትሓዊ ቃልሶምን ዝኾኑ ወገናትን ድማ ዓቢ ስግኣትን ስኽፍታን ኣብ ዝሰፈነሉ ወድዓዊ ኩነታት ኮይና፡ መዓልቲ ነጻነትና ነኽብራ ብምህላውና እቲ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ህዝባውን ሃገራውን ጉዳይ እዩ።*

*እዚ ድኽመታት'ዚ ተወጊዱ፡ ህዝባዊ ቃልስና ፖለቲካዊ ድልዳለ፡ ስኒትን ምውህሃድን ኣረጋጊጹ፡ ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ፡ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ብምርግጋጽ ናብ መስርሕ ደሞክራስያዊ ለውጢ ክበጽሕ ዝኽእል፡ ኣባላት ደምበ ተቓውሞና ብሓፈሻ፡ ሃገራውን ህዝባውን ሓላፍነት ተሰሚዑዎም፡ ካብ ድኽመቶም እናተማህሩ ክቃለሱ ምስ ዝበቕዑን ስለ ዝኾነን፡ ከምኡ'ውን ሓፋሽ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ መንእሰያት፡ ደቂ-ኣንስትዮን ሃገራውያን ምሁራትን ድማ ብፍላይ፡ ውዱብ ተሳትፎኦም ኣብ ቃልስና ብምሕያል ኣራምን ደራኽን ልዑል ተራ ናይ ቃልሲ ክጻወቱ ምስ ዝኽእሉ ስለ ዝኾነ፡ ደ.ግ.ሓ.ኤ በዛ ኣጋጣሚ ታሪኻዊት ዕለት ሃገርናን ህዝብታትናን ካብዚ ኣጋጢሙዎም ዘሎ ጸገማትን፡ ሓደጋታት ናይ ውድቐትን ምብትታንን ንምንጋፍ ኣብ ዘራኽቡና ናይ ሓባር እምነታት ዓሲልና ንኣዕናዊ ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድ ሓቢርናን ተደጋጊፍናን ክንቃለስ ይጽውዕ።*

*ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ውድባትን ስቪክ-ማሕበራትን ንዝረኤ ዘሎ፡ ድኽመታትን ጸገማትን ብምምዝማዝ፡ ነዚ ብዓቕሙ ዝቃለስ ዘሎ ሓይልታት ብምንዓቕ፡ ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኣብ ምርግጋጽ ከም ዘይበቕዕን ከም ዝፈሸለን ብምግላጽ፡ ናይ ምንሻው ፕሮፖጋንዳ እናነዝሑ፡ "ፖለቲካዊ ውድባት ዝባሃል ሓዲግና ካብ መሰረት /ህዝቢ/ መሰረት ዝገበረ ሓድሽ ውዳበ ብምፍጣር ጥራሕ ኢና ተቃሊስና ክንዕወት እንኽእል" ብዝብል ፖለቲካዊ ቅንዕናን ሓላፍነትን ዝጐደሎ ስጊንጥር ዝኾነ ርእይቶ እናቃልሑ፡ ካብ ናይ ድሕረትን ምንጽጻግን ባህርን ስነ-ሞጎትን ዘይተላቐቑ ዝተወሰኑ ኣካላት ሕ/ሰብና ይዋስኡ ከም ዘለዉ ንኩሉ ዘይተሰወረ ሓቂ እዩ። ደግሓኤ ነዚ ዘይቅኑዕ ፖለቲካዊ ርእይቶ'ዚ እናነጸገ፣ ዋናታት ናይዚ ግጉይ ርእይቶ'ዚ ርእይተኦም ኣሪሞም፡ ቅኑዕ ርእይቶን ንጹር ዕላማን ወኒኖም ብዝመረጹዎ መልክዕ ተወዲቦም ምስ ሓፋሽ ውጹዓት ህዝብታትናን ተቓወምቲ ኣካላትን ዓቕሞም ኣዋሂዶም፡ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ንምርግጋጽኣብ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ተረኣም ክጻወቱ በዚ ኣጋጣሚ ይጽውዕ።*

24 *ግንቦት መበል* 25 *ዓመት ዝኽሪ ነጻነትና ኣብ እንጽንብለሉ ዘለና ወቕቲ፡ መንግስቲ ህግደፍ ነዛ ታሪኻዊት ዕለት መመሳመሲ ብምግባር፡ ነቲ ካብ ጸረ ሰላምን ምርግጋእን ባህርያቱን ተግባራቱን ብምብጋስ ብቤት ምኽሪ ጸጥታ ናብ ልዕሊኡ ዝተነብረ ማዕቀብ ክለዓለሉ ላዕልን ታሕትን ኣብ ምባል ይርከብ ምህላዉ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። እዚ ማዕቀብ'ዚ ናብቲ ጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስን ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ ዘተኮረ'ምበር ናብ ልዕሊ ህዝብታትና ስለ ዘይኮነ፡ ማዕቀብ ምልዓሉ ንህግደፍ ጠቒሙ ንህዝብና ዝጐድእ ስለ ዝኾነ፡ ሓፋሽ ህዝብታትናን ተቓወምቲ ሓይልታትናን ሓቢርና እቲ ማዕቀብ ንከይላዓል ንዝምልከቶም ኣካላትን ሕብረተ-ሰብ ዓለምን ስምዕታና ኣጠናኺርና ክንነጥፍ ደግሓኤ ይጽውዕ።*

*ኣብ መወዳእታ፡ ህዝባዊ ቃልስና ፍትሓዊ ሕቶ ከም ምዃኑ መጠን ብናይ ህዝብታትናን ተቓወምቲ ሓይልታትናን ብሕቡር ቃልስን መስዋእትን ክዕወትን፡ ሃገራዊ ነጻነትና ውሑስ ኮይኑ ክቕጽልን ከም ዝኽእል ዘየጠራጥር ዘንተ-ሞጎታዊ ሓቂ ስለ ዝኾነ፡ ሓፋሽ ህዝብታትና፡ ብግዝያዊ ጸገማት፡ መሰናኽላትን ድኽመታት ናይ ተቓወምቲ ሓይልታትናን ከይሰግኡን ከይተጥራጠሩን ብሓቦን ጽንዓትን ስርዓት ህግደፍ ካብ ስሩ ብምምሓው፡ ናይ ዝተማለኤ ሰላም፡ ደሞክራስን ልምዓትን ተጠቀምቲ ክኾኑ ንክበቕዑ፡ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ተወዲቦም ብጽንዓትን ናህርን ክቃለሱ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደ.ግ.ሓ.ኤ/ በዛ ታሪኻዊት ዕለት ናይ ቃልሲ ጻውዒት የቕርብ።*

*ህዝባዊ ነጻነትናን ሓርነትናን ንምርግጋጽ ንቃለስ*!

*ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና*!!

*ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ፡*

(*ደ.ግ.ሓ.ኤ*)

24 *ግንቦት* 2016